


ቐጥታ ረኣይ፡ DSTV YouTube facebook LIVE

## ሳሕቲ ዝሕተቱ ሕቶታት – ስድራቤት

*ብተደጋጋሚ ዝሕተት ሕቶታት*

**መደብ መመረቕታ ኣውራጃ ኣበይ ከረኽቦ እኽእል??** DeKalb County School District፡ ካብ 11-19 ግንቦት 2024 ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ናይተን 23 ካብ 24 ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ኣብ Georgia State Convocation Center, 455 Capitol Avenue, SE, Atlanta, GA 30312 ኣብ ዚርከብ ማእከል መአከቢ ኣውራጃ (GA State Convocation Center) ጽምብል መመረቕታ ኬካይድ እዩ። Margaret Harris Comprehensive School፡ ጽምብል መመረቕታ፡ ዓርቢ፡ 10 ግንቦት 2024 ኣብ ቤት ትምህርቲ ከተካይድ እያ። እቲ መደብ መመረቕታ፡ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ DeKalb County School District's ከምዚጥቃዕ ኪኸውን እዩ። ነዚ ዚስዕብ ሊንክ ብምጥቃም ነዚ መርበብ-ገጽ ክትርእዩ

ትኽእሉ ኢኹም፥ https://www.dekalbschoolsga.org/graduation

**መጓዓዝያ ንተማሃሮ ኪቕረብ ድዩ፧** እወ። መመጠኒ-ኣየር (ኤየር ኮንዲሽን) ዘለወን ናይ ቻርተር ኣውቶቡሳት፡ ናብ/ካብ GA State Convocation Center ኣብጺሑ-ዘምልስ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ንኹለን ኣብያተ-ትምህርቲ ይህባ እየን። **ተማሃሮ፡ ኣብ ቻርተር ኣውቶቡሳት ንኺጉዓዙ ዝኸፍልዎ ክፍሊት የብሎምን።** ተማሃራይ፡ ናብ/ካብ GA State Convocation Center ንኺመላለስ ናይ ቻርተር ኣውቶቡስ ክጥቀም እንተኾይኑን እንተዘይኮኑን ብምሕባር ወለዲ መሊኦም ዚሰድዎ <u>ቅጥዒ ፍቓድ መጓዓዝያ</u> ንነፍስወከፍ ተመራቒ ብርእሰ-መምሃራን ኪውሃብ እዩ። <u>ርእሰ-መምሃራን፡ ብዛዕባ ሰዓታት ምስፋርን ምውራድን ዚምልከት ሓበሬታ ንወለዲ/ተመረቕቲ ኪውሃብ እዩ።</u> ኣሰሰይቲ ቤት-ትምህርቲ፡ ምስ ተመረቕቲ ብምኺን ብኣውቶቡሳት ኪጉዓዙ እዮም።

**ተመረቕቲ ኣብ GA State Convocation Center ኪበጽሑ ትጽቢት ዚግበረሎም ሰዓት ክንደይ እዩ፧** ንመመረቕታ ዚኸውን ምድላዋት መታን ኪግበር፡ ተመረቕቲ፡ ካብቲ ጽምብል ዝጅምረሉ ሰዓት ቅድሚ ሓደ ሰዓት ናብ ማእከል መአከቢ ከምዚጐዓዓዙ ኪኾኑ እዮም። ናይ ቻርተር ኣውቶቡሳት፡ እቲ ጽምብል ምስተወድኤ ንተማሃሮ ብኡንብኡ ናብ ቤት ትምህርቲ ክመልሳኦም እየን።

**ወለዲ/ኣባላት ስድራቤት፡ ናብ በዓል መመረቕታ ናይ ውላዶም መዓስ ኪመጹ ይግባእ።** ኣብ GA State Convocation Center ዘሎ መዐሸጊ ማካይን፡ ነፍስወከፍ ጽምብል መመረቕታ ንኺጅምር ካብ ዝተመደበሉ ግዜ ቅድሚ ሓደ ሰዓት ክፉት ኪኸውን እዩ። **እቶም ኣብ ጽምብል ዚሳተፉ ኣጋይሽ፡ ኣብ Capitol Avenue -- ብዘሎ ጐጆ ቲኬት ኪኣትዉን ኪወጹን ኣለዎም (*ምስዚ ተተሓሒዙ ዘሎ ካርታ ርኣዩ*)።** *መደብ ጒዕዞኹም መታን ከተውጽኡ፡ ምስዚ ተተሓሒዙ ዘሎ ካርታ ማእከል መአከቢ ብኽብረትኩም ተጠቐሙ።*

**ንመዐሸጊ ማኪና ኪኽፍል ድየ፧** ኣብ ታሕቲ ንዝተጠቕሰ ፍሉይ መዓልታት_***ኣብ ታሕቲ ንዘሎ መዐሸጊ ቦታታት ኣብ እትጥቀሙሉ*** ግዜ፡ <u>**እትኽፍልዎ ክፍሊት መዐሸጊ ማኪና**</u> የለን።

**11 ግንቦት** – ሰማያዊ፡ ቀጠልያ፡ Summerhill B & C

**14 ግንቦት** – ሰማያዊ፡ ቀጠልያ፡ Summerhill C

**15 ግንቦት** – ሰማያዊ፡ ቀጠልያ፡ Summerhill C

**16 ግንቦት** – ሰማያዊ፡ ቀጠልያ፡ Summerhill C

**19 ግንቦት** – ሰማያዊ፡ ቀጠልያ፡ Summerhill B & C

**ADA PARKING (መዐሸጊ ስንኩላን)**

*ኣብ ነፍስወከፍ መዐሸጊ መካይን ቦታ ኣሎ*

እንተኾነ ግን፡ ናይ ሞተር ዓረብያ ሓገዝ፡ ኣብዘን ዝስዕባ ቦታታት **ጥራይ** ይውሃብ፥

**1) ሰማያዊ ቦታ**

**2) SUMMERHILL C LOT**

**ናብ መመረቕታ በዓል ንምእታው ቲኬታት የድሊ ድዩ፧ ኣብ በዓል መመረቕታ ንሰብ ብፍሉይ ዝሕዝኣሉ ኮፍ መበሊ ቦታታት ኣሎ ድዩ፧** እወ፣ ናብ ጽምብል መመረቕታ ንምእታው፡ ቲኬታት የድሊ እዩ። ነቶም ተመረቕም ዝወጹን ሓደስቲ ዝመጹን ዕዱማት ኮፍ መበሊ ቦታታት ይሕዝኣሎም እዩ። ደንጒኹም ምስእትመጹ፡ ኣብ ምእታው GA State Convocation Center ዕንቅፋት ይኸውን እዩ።

**እቲ በዓል መመረቕታ ምስተወድኤ፡ ምስ ውላደይ ኣበይ እራኸብ፧** ተመረቕቲ፡ ካብቲ መሳለጥያ መታን ኪወጹ ንGA State Convocation Center ሓዲጎም ከምዚኸዱ ኪግበር እዩ። ዕዱማት ድማ ኣብቲ ግዜ'ቲ በቲ ጐጆታት ቲኬት ክወጹ እዮም። ውላድኩም፡ ኣብ ቻርተር ኣውቶቡስ ተሳፊሩ ናብ ዝምሃረሉ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ኪመጽእ ዚመደበ እንተኾይኑ፡ እቲ በዓል ተኻዪዱ ምስተዛዘመ ካብቲ ቦታ ቀልጢፉ ብምውጻእ ናብ ኣውቶቡስ ብቐጥታ ይኺይድ። ተመራቒ ምሳኹም ናብ ገዛ ኪኺይድ እንተመዲብኩም፡ ብኽብረትኩም ኣብ Capitol Avenue ኣብ ዚርከብ መእተዊ ኣጋይሽ ንኽረኽበኩም ንተመራቒ ሕተቱን ኣቐዲምኩም ድማ መደብ ኣውጽእሉን **(ምስዚ ተተሓሕዙ ንዘሎ ካርታ ርኣዩ)።**




ቐጥታ ረኣይ: DSTV YouTube facebook LIVE

## ብዛዕባ ስድራቤት ዚምልከት ብተደጋጋሚ ዝሕተት ሕቶታት
*ብተደጋጋሚ ዝሕተት ሕቶታት*

**ተመረቕቲ፡ ዲፕሎማታቶም መዓስ ክቕበሉ እዮም፧**
ተመረቕቲ፡ ጥቕላል ዲፕሎማ ኣብቲ በዓልቲ'ቲ ኪውሃቡ እዮም። ነፍስወከፍ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ፡ ተመረቕቲ ናብ ቤት ትምህርቶም መጺኦም ዲፕሎማታቶም ዝወስድሉ ዕለትን ሰዓትን መደብ ኣውጺኣ ኣላ። ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ቅድሚ'ቲ በዓል'ቲ ክህባ እየን፧

**ስእልታት ተመራቒ ውላደይ ኣብ መድረኽ ዝወስደሉ ዕድል ክህልወኒ ድዩ፧**
ኣይፋል። ውዕል ዝኣተወ ሰኣሊ፡ ነቲ ፍሉይ በዓል ንምኽባር ተኸታታሊ ስእልታት ናይ ነፍስወከፍ ተመራቒ ክወስድ እዩ። ተመረቕቲ፡ ከም ኣካል ጥማር መመረቕታ፡ ንጥቕላል ዲፕሎማ ኣብ መድረኽ እናተቐበሉ እንከለዉ ንዝተሳእልዎ ስእሊ ክውሃቡ እዮም። ሰኣላይ፡ ንኽዕደግ ድሉው ዝኾነ ኣብ ቤት ትምህርቲ/ምስ ተመረቕቲ ንዝተሳእልዎ ስእልታት ተመረቕቲ ክዝርግሕ እዩ።

**ተመራቒ ውላደይ፡ ናብ ቦታ መመረቕታ ክማልእ ዘድልዮ ነገር እንታይ እዩ፧**
ተመረቕትን ዕዱማትን፡ ምሹእ ሳእንታትን መብራህቲ ጉዕዞን ክህልዎም ይግባእ። ኣውራጃ፡ ካብ ኣርባዕተ ክሳዕ ሓሙሽተ ጽምብል መመረቕታታት መዓልታዊ ተካይድ። ኣብ ማእከል ዚርከብ ናይ ተመረቕቲ መለማመዲ ክፍሊ፡ ንዝመጽእ ጽምብል ድሉው መታን ኪኸውን፡ ተሳተፍቲ ካብቲ ቦታ ምስወጹ ብኡንብኡ ጥርሑ ብምግባር ከምዚጸሪ ኪግበር ይግባእ። ተመረቕቲ፡ ከም ሜዳልያታት፡ ናይ ክብሪ ገመዳት፡ ሪበናት ወዘተ ዝኣመሰለ ናይ ስፖርት ልብስን ብኣውራጃ ፍቑድ ዘይኮነ ነገራትን ሒዞም ናብ ኣዳራሽ መመረቕታ ክኣትዉ ኣይግባእን። ተመረቕቲ፡ ንድሕነት ተባሂሉ ናብቲ መአከቢ ቦታ ኪመጹ ከለዉ ምሾት ዝህቦም ክዳውንቲ ኪኽደኑ ይግባእ። ተሳተፍቲ፡ ጥርሑ ሳንጣታት ሒዞም ናብ ማእከል ንኺመጹ ጥራይ ይፍቀደሎም።

**ኣብቲ ቦታ መመረቕታ ምግቢ ይፍቀድ ድዩ፧**
ኣይፋል። ምግቢ፡ ኣብቲ ቦታ ኣይፍቀድን እዩ። ተመረቕትን ኣጋይሽን፡ ናብ በዓል መመረቕታ ቅድሚ ምምጽኦም ምግቢ በሊዖም ኪመጹ ይሕተቱ። ተመረቕትን ኣጋይሽን፡ ኣብዚ በዓላት ኣብ ዝሳተፍሉ እዋን ድማ እኹል ማይ ሰትዮም ንኺመጹ ይሕተቱ።

**በዓላት መመረቕታ ይቕረጽ ድዩ፧**
እወ። ነፍስወከፍ በዓል መመረቕታ፡ ከምዝቕረጽ ተገይሩ ብቐጥታ ኣብ ዝመሓላለፍ ሊንክ ድማ ከምዝፍኖ ኪኸውን እዩ። ነቲ ጽምብላት እትርእይሉ ሊንክታት፡ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ መደበር ማእከል መመረቕታ (Grad Central Station) ኪውሃብ እዩ፥ [https://www.dekalbschoolsga.org/graduation/](https://www.dekalbschoolsga.org/graduation/) ተሳተፍቲ፡ ጽምብላት ኣብ ዝቕድሓሉ እዋንን ደረቕ ስእሊ ዚሰኣልሉን ብቪድዮ ወይ ኣውድዮ ዚቕረጽሉን ዕድል ኣለዎም። ተመረቕቲ፡ ቅዳሓት ናይቲ በዓላት መመረቕታኦም ብመገዲ YouTube ከውርድዎ (ዳውንሎድ ኽገብርዎ) ይኽእሉ እዮም።

**ምብጻሕ ንኽገብር ኣብ ዝወጠንክሉ እዋን፡ እቲ ኪውሃበኒ ዝኽእል ተወሳኺ ሓበሬታ እንታይ እዩ፧**
- ኣቐዲምኩም ናብቲ ቦታ መመረቕታ ንኽትበጽሑ ኣቐዲምኩም ክትውጥኑ ኣገዳሲ እዩ። *መደብ ጉዕዞኹም ንኽተውጽኡ፡ ብኽብረትኩም ምስዚ ተተሓሒዙ ንዘሎ ካርታ ተጠቐሙ።*
- **ካብ መዐሸጊ ማካይን ንንውሕ ዝበለ ርሕቐት ብእግሪ ንኽትጓዓዙ ትጽቢት ስለዝግበረልኩም -- ምሾት ዝህበኩም ሳእንታት ግበሩ።**
- **ኣብቲ ቦታ ዘሎ ኮፍ-መበሊ፡ ኣብ ኣዝዩ ቊልቊል ይርከብ። ብኽብረትኩም ጥንቃቐታት ግበሩ።**
- ኩሉ ተንቀሳቓሲ ተሌፎናት/ኤለትሮኒካዊ መሳርሒታት፡ ናብቲ ቦታ ቅድሚ ምእታውኩም ከተጥፍእዎ ኣለኩም።
- **ባላንቿናታት፡ ድምጺ ዝግበር መሳርሒታት፡ ኣርማታት፡ ባልጃታት፡ ኣብ ሕቖ ዝስከም ሳንጣታት፡ ወዘተ**። ኣብዚ ቦታ'ዚ <u>ኣይፍቀድን እዩ</u> ። ***ብኽብረትኩም ምስዚ ተተሓሒዙ ዘሎ መንሾር ርኣዩ።***
- እቶም ኣብዚ ጽምብል ዝሳተፉ ኣጋይሽ፡ ኣብ Capitol Avenue ብዘሎ ጐጃ ቲኬት ከምዚኣትዉን ከምዚወጹን ኪግበር እዩ።
- እቶም ኣብዚ መአከቢ ቦታ ዝመጹ ተሳተፍቲ ዝደልዩ እንተኾይኖም፡ ዓረብያ ስንኩላን ይቕረበሎም እዩ። እቶም ዓረብያ ስንኩላን ዘየድልዮም ንኡስ ናይ ምንቅስቓስ ጸገም ዘለዎም ተሳተፍቲ፡ ኮፍ-መበሊ ንኽረኽቡ ቀስ ኢሎም ብምጒዓዝ ናብ መአከቢ ቦታ ኪኣትዉ ይኽእሉ እዮም።

- እቶም ናይ ስንብታን ሰላምንታን መልእኽታት ዚህቡ ኣጋይሽ፡ ኣብ ጥቓ ተመረቕቲ ኣብ ዝርከብ ታሕተዋይ ክፋል'ቲ መአከቢ ቦታ ኮፍ ከምዚብሉ ኪግበር እዩ።
- ኣጋይሽ፡ <u>ጥርሑ ሳንጣታት</u> ጥራሕ ሒዞም ናብ መአከቢ ቦታ ክኣትዉ ይግባእ። ንቑራሪ ኩነታት ኣየር ዝኸውን ክዳውንቲ ድማ እተዳለኹም ኩኑ።
- ኮፍ-መበሊ ውሱን እዩ። **ንቲኬትኩም ኣይትረስዕዎ።** ናብ መአከቢ ቦታ ንምእታው፡ ቲኬታት **የድሊ እዩ።**
- ህጹጽ መልእኽቲ ንተመረቕትን ኣጋይሽን፥ ኩሎም ተሳተፍቲ፡ ብመሳርሒ ምጽንጻን ሓጺን (Weapons Detection Devices) ሓሊፎም ከምዚኣትዉ ኪግበር እዩ።










**ፖሊሲ ኣርእዩ-ዘሕልፍ ሳንጣ**

ኣጋይሽ፡ ንንብረትኩም እትሕዝሉ ዓቐኑ ካብ 12” X 6” X 12” ዘይዓቢ ኣሕሊፉ ዘርኢ ሳንጣ፣ ናይ, 1-ጋሎን ናይ ፕላስቲክ ሳንጣ መዝሓሊ ከምኡውን/ወይ ብገምጋም ክንዲ ዓቐን ኢድ ዚኸውን ካብ 4.5” X 6.5” ዘይዓቢ ቦርሳ ኢድ ሒዝኩም ክትመጹ ኣለኩም።

ካብ 12” X 6” X 12” ዝዓቢ ሳንጣታትን ናይ ሕቖ ቦርሳን፡ ኣብ GSU Convocation Center ክልኩል እዩ። እቶም ሕክምናዊ መድሃኒታት፡ ጨርቂ ሽንቲ ወይ ፍሉይ ሓገዛት ዘድልዮም ሰባት ብፍሉይ ይፍቀደሎም እዩ።

ኩሉ ሳንጣታት ከምዚፍተሽ ኪኸውን እዩ። ኣጋይሽ፡ ነቲ ዘይፍቀደሎም ሳንጣታት ናብ መካይናኦም ክመልስዎ ይግደዱ። Georgia State University፡ መሳርሒ ፍተሻ ውሽጥን ግዳማውን ክፋል ሳንጣታት ኣብ ጥቕሚ ዝውዕለሉ ውሑስን ክትትል ዝግበረሉን መደበር ፈተሻ ሳንጣታት የብሉን።

ተሳተፍቲ፡ ብመሳርሒ ምጽንጻን ሓጺን (Weapons Detection Devices) ሓሊፎም ክምዚሓትዉ ኪግበር እዩ።

ብመሰረት ኣዋጅ ስንኩላን ኣሜሪካውያን (Americans with Disabilities Act (ADA)) ዚውሃብ መሳለጥያታት፥

ንስንኩላን ኣመሪካውያን (ADA) ዚኸውን ኮፍ-መበሊ፡ ኣብ **ላዕለዋይ ክፋል ናይቲ ደረጃ 100** ተዳልዩ ኣሎ። ኣብ መገዲ'ቲ ካብ ኣደባባይ ናብ ቅርዓት ዘሎ ኮፍ-መበሊታት፡ ዝኾነ መደያይቦ የለን። **እቲ ንስኩላን ኣመሪካውያን (ADA) ዝተዳለወ ኮፍ-መበሊ/መዐሸጊ ማካይን፡ ብቐጻሪ ውሱን ስለዝኾነ፡ ነቶም ቀዲሞም ዝመጹ ሰባት ቀዳምነት ይውሃብ።**

**ክልኩላት ኣቑሑ፥** ንድሕነት ተሳተፍቲ ተባሂሉ፡ እዚ ዝስዕብ ኣቑሑን ንጥፈታትን፡ ኣብ ማእከል መአከቢ ክልኩል እዩ፥

**ሰብ-ሰርሖ መቓልሒ ድምጺ፡ እንስሳታት፡ ናይ ሕቖ ቦርሳ፡ ናይ ግዳም ምግብን መስተን፡ ሰብ-ሰርሖ ሓዊ (ጠራዕራዕ)፡ ባላንቺና፡ ብሽክለታት፡ መንሸራተቲ ጣውላ፡ ላምብሬታን መንኮርኮር ዘለዎ መንሸራተትን፡ መዝሓሊ፡ ዘይሕጋዊ ዕጸ-ፋርስ፡ ሌዘር ፕሪንተራት፡ ዓንድታት ባንዴራን ኣባትርን፡ ዚዘዋወር ኮፍ-መበሊ፡ ካሜራ ቪድዮ፡ ኣጽዋር፡ ዓቢ ምልክት ኣርማታት።**

ኩሉ ተንቀሳቓሲ ተሌፎናት/ኤለትሮኒካዊ መሳርሒታት፡ ናብቲ መአከቢ ቦታ ቅድሚ ምእታውኩም ከተጥፍእዎ ኣለኩም።



GEORGIA STATE CONVOCATION CENTER
455 CAPITOL AVENUE, SE
ATLANTA, GA 30312
N
W
E
S
ብኽብረትኩም ኣስተብህሉ፥
ንመዕሸጊ ማካይን ዚኽፈል ገንዘብ የለን። ነዚ ዝስዕብ መዕሸጊ ቦታታት መዓልታዊ ክንጥቀም ኢና፥
11 ግንቦት – ሰማያዊ፡ ቀጠልያ፡ Summerhill B & C
14 ግንቦት – ሰማያዊ፡ ቀጠልያ፡ Summerhill C
15 ግንቦት – ሰማያዊ፡ ቀጠልያ፡ Summerhill C
16 ግንቦት – ሰማያዊ፡ ቀጠልያ፡ Summerhill C
19 ግንቦት – ሰማያዊ፡ ቀጠልያ፡ Summerhill B & C
ADA PARKING (መዕሸጊ ስንኩላን)
ኣብ ነፍስወከፍ መዕሸጊ መካይን ቦታ ኣሎ
እንተኾነ ግን፡ ናይ ሞተር ዓረብያ ሓገዝ፡ ኣብዘን ዝስዕባ ቦታታት ጥራይ ይውሃብ፥
1) ሰማያዊ ቦታ
2) SUMMERHILL C LOTS
CAPITOL AVE SE
መእተዊ መጽዓኒ ቦታ
ማእከል መአከቢ
FULTON ST SW
FULTON ST SW
መእተዊ/መውጽኢ
መእተዊ/መውጽኢ
ሰማያዊ ቦታ
B LOT
SUMMERHILL
HANK AARON DR SW
መእተዊ/መውጽኢ
C LOT
SUMMERHILL
መውጽኢ ጥራይ
MARTA (ማርታ)
ኢታ ዝቐረበት መደበር ማርታ (Marta Station)፡ መደበር ክፍለ-ሃገር ጆርጅያ ከይና፡ ኣብ 170 Piedmont Ave SE, Atlanta, GA 30303 ትርከብ፡ ካብ ማእከል መአከቢ ዶማ ኣስታት 7 ማይል ርሒቓ ትርከብ።
መእተዊ/መውጽኢ
ቀጠልያ ቦታ
POLLARD BLVD SE
ናብ መአከቢ ቦታ
እትጉዓዝሉ መገዲ
GLENN ST
565 HANK
565 HANK
APARTMENTS
GLENN ST
ASPENHEIGHTS
ASPEN HEIGHTS
APARTMENTS
ይስረሓሉ ኣሎ
(ንመዕሸጊ ማካይን ዚኸውን ቦታ የለን)
FRASER ST SE
GEORGIA AVE
GEORGIA AVE
ኣፍ-ደገ 7
ኣፍ-ደገ 8
ኣፍ-ደገ 5
ኣፍ-ደገ 6
ኣፍ-ደገ 9
(GEORGIA STATE PLAYER PASS LIST)
1913 PROMENADE
SUMMERHILL
A LOT
መእተዊ/መውጽኢ
RALPH DAVID ABERNATHY BLVD
GEORGIA AVE